# ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ኣብ ዝተፈላለዩ 4 ወረዳታት ትግራይ ዝርከባ ኣብያተ ት/ቲ ኣብ 4 ሎታት ከፋፊሉ እንዳ ኩሽኔ (kitchen) ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሚያዝያ 10, 2018 ( ቅድሚ 7 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 16, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 17, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ንኻልኣይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ኣብ ታሕቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሰበኻ ዓዲ ግራት ንዝተፈላለዩ ናይ ሕብረተሰብ ክፋላት ኣብ ትምህርቲ፤ ጥዕናን ልምዓትን ካልኦት ማሕበራዊ ፀገማትን ኣገልግሎትን ሓገዝን እናበርከተ ዝርከብ ገባሪ ሰናይ ትካል እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ክልልና ምስ ት/ቲ ቢሮ ብሓባር ብምኻን ፍርያት ሃገር ብዝኾነ ምግቢ ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ተምሃራይ ክምገብ እናገበረ ዝርከብ ትካል እዩ። ብተመሳሰሊ ንዝተፈላለዩ ፅጉማት መራሕቲ ስድራ ናይ ምግቢ እታወትን መድሓኒትን ናዊቲ መድሓኒትን ከምኡ እዉን ካልኦት ናይ ሕርሻ እታወታትን እናባፅሐ ዝፀንሐን ዘሎን ትካል እዩ። በዚ መሰረት ድማ ትካልና ካብ ገባሪ ሰናይ ትካል MMI ብዝተረኸበ ሓገዝ ኣብ ዝተፈላለዩ 4 ወረዳታት ትግራይ ዝርከባ ኣብያተ ት/ቲ ኣብ 4 ሎታት ከፋፊሉ እንዳ ኩሽኔ (kitchen) ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ

➢ በቲ ዘርፊ VAT ተመዝጋብቲ ደረጃ -7 ን- ልዕሊኡን ዝኾንኩምን ኮንትራክተራት ዝርዝር መምርሒ ተጫረቲ ዝሓዘ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 17 /04/2026 ኣ/ፈ ክሳብ ዕለት 24 /04/ 2026 ኣ/ፈ ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ ትግራይ መተሓባበሪ ቤት ፅሕፈት ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ጥቓ ዓይኒ ሕክምና ክትወስዱ ትኽእሉ።

➢ ሓደ ተጫራታይ ኣብ ሓደ ሎት ጥራሕ እዩ ክወዳደር ዝኽእል

➢ እቲ ጨረታ ዕለት 24 /04/2026 ኣ.ፈ ስዓት 8:30 (local time) ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ስዓት 9:00 (local time) ኣብ ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ትግራይ ቴክኒካል ደኩመንት ጥራሕ ይኽፈት :: ፋይናንሻል ደኩመንት ዝሓዘ ሰነድ ድማ ቴክኒካል ምስተኸፈተ መዓዝ ከምዝኽፈት ብምልክታ ዝግለፅ ይኸዉን።

➢ ተወዳደርቲ ዘቕርብዎ ደረሰኝ ናይ መሸን ወይ ካብ ብርሃንንና ሰላም ማተምያ ቤት ዝተሓተመ ክኸዉን ኣለዎ ነባር ደረሰይ እንተኾይኑ ድማ ድጋፍ ደብዳቤ ካብ ዝምልከቶ ከምፅእ ይግደድ።

Mekelle, Tigray, Ethiopia P.O. Box 69 Tel 0344 4184 42 Email dccoordinator@ethionet.et

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle